orientation
orientamento
berufsberatung
.ch

ንምርጫ ሙያ ምቅርራብ

ነቲ ዕለታዊ ናብራ ስራሕ ምልካይ

ኣብ እዋን ምልላይ ነቲ ሙያ ዝበለጸ ትላለይዎ፣ ኣብቲ እዋን ምሕራይ ናይ ተግባራዊ ልምዲ፣ እቲ ትካል ነዚ ሙያ ብቕዓት ዘለኩም ከም ዝኾነ ይምርምር።

እቶም ሙያ ዝመርጹ ነቲ ዕለታዊ ናብራ ስራሕ ንኽላለዩ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ኣለዎም። ኣብቲ ጎኒ ነተን ብዛዕባ ሙያ ዝሕብራ ሜዲያታትን ፊሊማትን ምጽናዕ፣ ኣብተን ትካላት ዝግበር ናይ ሓበሬታ ዉራያት ወይ ድማ ናይ ስራሕ መምርሒ ሓበሬታን ናይ ሙያ ኤክስፖን ነቶም ሰራሕተኛታት ክሰርሑ ከለው ክትርእይዎምን ምስኣቶም እውን ብዛዕባ እቲ ዕለታዊ ናብራ ስርሑም ክትማየጡን ትኽእሉ ኢኹም።

ምልላይ ልምዲ ወይስ ምሕራይ ተግባራዊ ልምዲ

ናቲ ዕለታዊ ናብራ ሙያ ብዝሓሸ መገዲ ክትላለዩዎ ትኽእሉ ኣብቲ ምልላይ ልምዲን ምሕራይ ተግባራዊ ልምዲን እዩ። እዚኣተን መብዛሕትኡ እዋናት ካብ 2 ክሳብ 5 መዓልታት እየን ዝወስዳ፣ ኣብዚ እዋን እስኹም ኣብቲ ትካል ትኾኑ ከምኡውን ስራሕ ተስልጡ። ምልላይ ልምዲን ምሕራይ ተግባራዊ ልምዲን ከም ግቡኡ ኣብ ሓደ እዋን እየን ዝካየዳ፣ እቲ ትካል ግን ዝተፈላለያ ዕላማታት እዩ ዘለዎ :

- ኣብ ምልላይ ልምዲ እቲ ትካል ንሓደ ሙያን ነቲ ዕለታዊ ናብራ ናይዚ ሙያን ብዝሓሸ መገዲ ንኽትላለይዎ እዩ ዕድል ዝህበኩም። እስኹም ብዛዕባ እዚ ሙያን ዕለታዊ ናብራ ናይዚ ሙያን ትኽክለኻ ዝኾነ ኣተሓሳስባ ንኽህልወኩም ተሞክሮ ትገብሩ።
- ኣብ እዋን ምሕራይ ተግባራዊ ልምዲ እቲ ትካል ብተወሳኺ፣ እስኹም ነዚ ሙያ ብቕዓት ዘለኩም ከም ዝኾንኩምን ነዚ ሙያን ነቲ ልምዲን ዝሓሸኩም ከም ዝኾንኩም ክፈልጥ ይደሊ። ንኽምዚ ዓይነት ተግባራዊ ልምዲ እቲ ትካል ክልተ፣ ሰለስተ ሕጹያት ክዕድም ይኽእል ይኸውን፣ ካብኣቶም ግን ንሓደ ጥራሕ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ይህብ።

ነቲ ምልላይ ልምዲ ወይ ድማ ምሕራይ ተግባራዊ ልምዲ ዘለኩም ዕላማ

ንምልላይ ልምዲ ወይ ድማ ንምሕራይ ተግባራዊ ልምዲ እንተፈጺምኩም፣ ብቕዳምነት ነቲ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ክትረኽብዎ ኢኹም ትደልዩ ። ነዘን ኣብቲ ትካል ተሕልፍወን መዓልታት ግን ብዝተኻእለ መጠን፣ ነቲ ክሳብ እቲ እዋን ክትፈልጥወን ትደልዩ ሕቶታት ንኽተረጋግጹ ክትጥቀሙለን ትኽእሉ ኢኹም፣ ንምሳለ :

- እቲ ካብ እቲ ሙያ ወይ ድማ ካብ እቲ ትካል ዘለኩም ትጽቢት ልክዕ ‘ ድዩ?
- ነቲ ሙያ ትፈትውዎ ዲኹም?
- ነዚ ሙያ ብቕዕ ዲኹም?
- ኣብቲ ትካል ጽቡቕ ‘ ዶ ይስምዓኩም? ኣብቲ ትካል ዘሎ ኩነታት ይሰማምዓኩም ‘ ድዩ?
- ኣብዘን ዝመጻ ዘለዋ ሰለስተ ወይ ኣርባዕተ ዓመታት ኣብዚ ትካል ክትመሃሩን ክትሰርሑን ትኽእሉ መሲሉ ‘ ዶ ይስምዓኩም?

ምክሪን ኣበራባሪ ሓበሬታን ንወሀዲ

ከም መጠን ኣደ ወይ ድማ ኣቦ ንቕልዓና እቲ ዝበለጸ እንታይ ከም ዝኾነ ንፈልጥ መሲሉ እዩ ዝስምዓና። ኣብቲ መድረኽ ምርጫ ሙያ ብጣዕሚ ዘገድስ፣ ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ሓቂ ዝተሞርከሰኩም ክትኮኑ እዩ ዝግባእ።

ከትፍትኑዎ ዘለኩም፡

- ንልኩም፣ ወድኹም ዝብልዎ ጽን ኢልኩም ስምዑ።
- ነቲ እስኹም ብዛዕባ ናይ ቕልዓኹም መጻኢ ዕድል ሙያ ትምነይዎ ናይ ግድን ክኸውን ኣለዎ ኢልኩም ኣይትጽቀጡሉ።
- ከየገደድኩም ሓግዝዎም።

orientation
orientamento
berufsberatung
.ch

ካብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ
ናብ ትምህርቲ ሙያ

ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ሙያ ንምርካብ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ

ትምህርቲ - (ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ሙያ) 2 ዓመት እዩ ዝወስድ ከምኡውን ነቶም ንትምህርቲ ንውሕ ዝበለ እዋናት ዘድልዮም ወይ ድማ እቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘርኣይዎ ብቐዓት፣ ነቲ 3 ወይ 4 ዓመት ዝወስድ መሰረታዊ ትምህርቲ ዘይእኹል ንዝኾኑ ተመሃሮ ዝተሓሰበ እዩ። ኣብቲ ተሞክሮኣዊ ትምህርቲ ዝግበሮ ትካል ከምኡውን ኣስተምህሮ ዝወሃቦ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ ከምኡውን ካብ ትካል ወጻኢ ኮርስ ዝግበረሉ፣ ነዚ ጸገማት ኣብ ግምት የእትውዎ እዮም።

መሰረታዊ ትምህርቲ ምስ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ሙያ እንታይ እዩ?

እዚ ናይ ክልተ ዓመት መሰረታዊ ትምህርቲ ነቲ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ሙያ ንምርካብ የብቅዕ እዩ። እቶም ተምሃሮ በቲ ዝመሃርዎ ሙያ ኣብ ኩለን ዓድታት፣ ኣብ ባዝል፣ ሳንክት ጋለን፣ ሉዛን፣ ቤሊንዞና እንተተማህሩ፣ ኩሎም ተመሳሳላይ ብቐዓት ይህልዎም። እዚ ድማ ስራሕ ክደልዩ ከለው የቕለለሎም እዩ፣ ምኽንያቱ ድማ ኣብቲ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ሙያ እቲ ዝተለምደ ሙያን ሜላን ከምኡውን ማሕበራዊ ተሓዋስነት ነቶም ዘስርሑ ተዘርዚሩ ስለዝርኢ።

ምስክር ወረቐት ሙያ ንምርካብ ዝግበር መሰረታዊ ትምህርቲ እንታይ ክተማልኡ ኣለኩም?

ንተግባራዊ ስራሕ ጽቡቕ ብቐዓት ኣለኩም፣ ነቲ ክልሰ ሓሳብ ክትመሃሩ ግን ክጸግመኩም ይኽእል ይኸውን። ቤት ትምህርቲ ሙያ ንኽምዚ ዓይነት ድልየት የማልኣ እየን።

ምናልባሽ ቀስ ኢልኩም ትምሃሩ ትኾኑ። ኣብቲ ትምህርቲ ልምዲ ዝግበሮ ትካልን ኣብ ቤት ትምህርቲ ሙያን ንኽምዚ ዓይነት ናይ ትምህርቲ ጠባያት ኣብ ግምት የእትውዎ እዮም።

ዕውት ዝኾነ ትምህርቲ ንኽህልወኩም፣ ምናልባሽ ንጹር ዝኾነ መምርሒ፣ ነቲ ናይ ስራሕኩም ከባቢን ውሽጥን ክትለምድዎ ከምኡውን እቲ ኣገባብ ኣሰራርሓ ብኽመይ ከም ዝካየድ ምልማድ የድልየኩም ይኸውን። እስኹም ነቲ ትሰርሕዎ ኣጸቢቕኩም ክሳብ ትመለኩዎ፣ ሓዲሽ ስራሕ እንተዘይተጀመረ ትፈትው ትኾኑ።

ምናልባሽ ኣብ ስዊዘርላንድ ነዊሕ ዘይነበርኩም ትኾኑ ከምኡውን ክእለት ቋንቋኹም ነቲ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት EFZ-ዘብቅዕ ቤት

ምክሪን ኣበራባሪ ሓበሬታን ንወሰዲ

ወድኹም፣ ንልኩም ብዛዕባ ክእለቶም ትኽክለኛ ዝኾነ ግምት ከም ዝህልዎም ክትገብሩ ጽዑፍ ወይ ተገደሱሉ። ንዕኡ ወይ ንዓኣ እቲ ትምህርቶም ካብ ዓቕሞም ዝለዓለ ወይ ካብ ዓቕሞም ዝተሓተ ክኸውን የብሉን።

ንወድኹም፣ ንንልኩም ናብ ኣማኸርቲ ሙያ ክኸዱ ኸለው ኣሰንይዎም። ምስ እቶም ኣማኸርቲ እውን ቆልዓኹም እንታይ ክእለትን ዓቕምን ከም ዘለዎም ኣረጋግጹ።

ንንልኩም፣ ንወድኹም ኣብቲ እዋን ትምህርቲ ' ውን ሓግዝዎም።